**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ** الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ብምኽንያት መበል 49 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና፣ ባሕቲ መስከረም ዝተዳለወ ውድባዊ መግለጺ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

ዝኽሪ 1961 ባሕቲ መስከረም፣ ንባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይልን ኣደራዓቱን ብምንጻግ፣ ምእንቲ ሓራ ህዝብን ሃገርን ንኹሉ ናይ ገድሊ ሕሰማት ክሰግር ድልወነቱ ብግብሪ ናይ ዘረጋገጸ ናይ ሓደ ብሉጽ ኤርትራዊ ወለዶ፣ ትእምርቲ ጽንዓቱን መኸትኡን ብወርቃዊ-ቅብኢ ዝሰነደት ታሪኻዊት ዕለት'ያ። ኣብ መስርዕ'ዚ ብሉጽ ኤርትራዊ ወለዶ ከኣ ኪኖ ድቕድቕ ጸላም መግዛእቲ፣ ባና ነጻነት ኣማዕድዮም ንምርኣይ ዝኸኣሉ፣ በጃ ህዝብን ሃገርን ብምዃን ፈላሚ ሰውራ ዝጠልቦ ሱባኤ ብምኽፋል ናይ ታሪኽ ህያውነት ክኸስቡ ዝተዓደሉ ጅግና ስዉእ ሓመድ ኢድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ብቅድመ-ግንባር ዝተሰለፉ ሰብ ታሪኻዊ ውዕለት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ'ዮም። ስለዝኾነ ድማ ብክንዲ'ቲ ባሕቲ መስከረምን ንሳ ዝመስጠረቶ መስተንክራዊ ታሪኽን፣ ንሕና ሕድሪ ቀዳሞት ዝተቐበልና ህልዋት ወለዶታት፣ ንውዕለቶም ልዑል ክብርን ርዝነትን ክንናጸፉ፣ ኣብ በሪኽ ታሪኻዊ ዝኽሪ መዛግብና ሰሪዕና ብዓብይ ጽንብል ክነብዕሎ ግድን ብምዃኑ፣ እነሆ ንመበል 49 ግዜ ታሪኻዊ ግቡእና ንምፍጻም ቃልና ክነሐድስ ንጥለብ ኣሎና።

ብምኽንያት'ዚ ታሪኻዊ ጽንብል፣ ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ንመላእ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን እንቋዕ ናብ'ዚ ታሪኻዊ ጽንብል ባሕቲ መስከረም ኣብጽሓኩም ክብል ይፈቱ። እዚ ጽንብል'ዚ ምስ'ቲ ሰማእታት ኤርትራ ዘሰከሙና ሕድሪ ብቐጥታ ዝተተሓሓዘን፣ ህልዊ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብደቂቕ ብምምዛን ታሪኻዊ ግቡእና ንምፍጻም፣ ግብራዊ መኸተና ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምብራኽ መሳርዕ ሓይልታትና ብምስማር ናብ ከድምዕ ዝኽእል ወቓዒ ሓይሊ ነሰጋግረሉ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ'ሎ። እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ጉዕዞ ቃልስናን ታሪኻዊ ግቡእናን ንፍትሽሉ ወሳኒ መድረኽ ምዃኑ ውድብና ይኣምን። ስለዝኾነ ከኣ ናይ ሎምዘበን መበል 49 ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም 2010፣ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይንና ንጽንብላ ምህላውና ውድብና ሰደግኤ ብግቡእ ይግንዘብ።

ሎሚ፣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ንፍርቂ ክፍለ-ዘመን ዝኣክል ዝኸፈልዎ ሰፍ-ዘይብል ኩለ-መዳያዊ መስዋእቲ፣ ባህግታቶም በርዒኑ ኣብ ዳግማይ ዘቤታዊ ባርነታዊ መስገደል ተሸሚሞም ህላዊኦም ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሑ ምህላዉ፣ ናይ ኩልና ናይ ወርትግ ሕልናውን ኣካላውን ምንጪ ቃንዛና'ዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን ስርዓቱን ዝተኸተልዎ ግጉይ ፖሊሲታት ውጽኢት ምዃኑ ዘየማትእ ሓቂ'ዩ።

ብሰሪ'ዚ፣ ህዝብታት ኤርትራ ትሕቲ ሰብኣዊ ፍጡር ተሰሪዖም፣ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያቶም ጓኖት ዝተቖጽሩሉ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ኤርትራ ምድራዊት ሲኦል ክትኮኖም እንከላ፣ ንውሑዳት ኢሳያሳውያንን ወተሃደራዊ መኮንናቱን ድማ፣ ከም ድላዮም ዝዕንዱሩላ ሃገር ኮይና'ላ። ህዝብታት ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላቶም ተጋሂሱ፣ ሸለብ-ገለብ እናበሉ ዝነብሩላ፣ መዓልታዊ ህይወቶም ኣብ ትሕቲ ፍጹማዊ ምሕረትን

ናይ ውልቀሰባት ዊንታን ዝወደቐላ፡ ብዘይ ገበን ብጅምላ ናብ ፎቆዶ ኣብያተ-ማሕቡስን ኮንቴይነራትን ተጓሪቶም ዝዳኽኑላ፡ ብዘስካሕኽሕ ገበናት ዝሳቐዩላ፡ ሃገር ኮይና'ላ። ንወላዳት ኣዴታት ዘምክን፣ ብዕድመ ዝደፍኡ ወለዲ ብዘይ-ጠዋሪ፡ ንህጻናት ብዘይ-ኣላይን ሓብሓብን ዘትርፍ፡ ንስድራቤታት ዝበታትንን ዘብርስን ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ኣብ ዝባኖም ተወጢሑ ደም የጉስዮም ኣሎ። መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ባርነታዊ ኣርዑት ናይ'ዚ ስርዓት ተቐሪኖም መጻኢ ዕድሎምን ሸዊት ዕድሚኦምን ብከንቱ ክበሊ፣ መጋበርያኡን መርወዪ ናይ ኲናት ጽምኡን ኲኾኑ፡ ንሞትን ኣደራዓቱን ዝተቓልዑላ፡ ብዓባይ ቤት ማእሰርቲ እትምሰል ሃገር'ያ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ።

ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ፡ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ህዝብታት ኤርትራ ብዋጋ ፖለቲካዊ ስልጣን ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ብውሽጥን ግዳምን ኣብ ዝባርዑ ኾናታት ክህሞኽን ኤርትራዊ ኣፍራይ ሓይሊ ጉልበት ድማ፡ ሕዙእ ናይ'ቲ ባርነታዊ መደብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ኮይኑ ኣሎ። ብሰሪ'ዚ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ገዛ ናብ መስርዕ ነዳይ ዝለወጠ፡ መዓልታዊ ናይ መግቢ መቑነን ስድራ-ቤታት ኤርትራ ብኩቦንን ብዊንታን ናይ'ቲ ስርዓት ክምስረተ ዝኾነሉ፡ ወይዘራዝር ኣዴታት ጉልባበን ቀሊኤን ክልምና ዝተገደዳሉ፡ ኮታስ ህዝብታት ኤርትራ ግዳይ ደርቅን ዓጸቦን ናይ ምኻኖም ምስጢር፡ ፋሽስታዊ ፖሊሲ ስርዓት ኢሳይያስ ዝፈጠሮ፡ ውጽኢት ዓሚቕ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብሰንኪ ዝኽተሎ ፋላሊኻ ናይ ምግዛእ ድሑር ፖሊሲ፡ ማሕበራዊ ዝምድናታት ህዝብታትና ተጎዲኡ። ኣውራጃዊ፣ ብሄራውን ሃይማኖታውን ፍልልያት ተባሊሑ፡ ክሳብ ሕድሕድ ስድራ-ቤታት ዝሎሓኽ ዘይምትእምማንን ምጥርጣራትን ኣመና ሳዕሪሩ'ሎ። ብክንድኡ እቲ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ቃልሲ ብሙዑት ተጋድሎ ህዝብታትናን ብዋጋ ናይ ህይወት መስዋእትን ዝተሃንጸ ሃገራዊ ሓድነት፡ ናይ ምቡሕጓግ ሓደጋ የንጸላልዎ'ሎ። ባህላዊ፣ ሃይማኖታውን ያታውን ክቡራት ውርሻታትና፡ ካብ ሱሮም እናተመሓዉ፡ ብፋሽስታዊ  ናይ ብልሽውና፣ ምንዝርናን ስኽራንን ድሑራት ባህልታት ይትክኡ ኣሎዉ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ብሰንኪ ጻሕታሪ ኲናት ባህሪ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ካብ ኩሎም ፈተውቶምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ክንጸሉ ተገዲዶም ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ሚስጢር'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ዕድመ ስልጣኑ፡ ብኹሉ መኣዝናት ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ መዳውብቲ ኤርትራ ዝኾኑ ሃገራት ኲናት ብምጽሕታር፡ ንህዝብታትና ሰፍ-ዘይብል ዋጋ ክዕደዩ ጌሩዎም'ዩ። ንሰናይ ጉርብትናዊ ባህግታት ህዝብታትና ብምብላል፡ ንሃገራዊ ጅግንነታዊ ተጋድሎና ኣራኺሱ፡ ምስ ነዳያን ግብረ-ሽበራዊ ሓይልታትን መወልቶም ዝኾኑ መንግስታትን ብምዕራኽ ዝጀመሮ ፖለቲካዊ ምንዝርና ተዓዛዚርዎ፡ ኣብ መሳርያም ተሰሊፉ ክሳብ ግብራዊ-ተዋሳኣይ ኣርዮሳዊ ልእኽቶኦም ኮይኑ'ሎ። ውሳነ ማዕቀብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተሞርኮሰሉ ሓቅታትን ኣብ ካምፓላ-ኡጋንዳ ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕትን ንሕቡእ መንነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዕርቃኑ ብምውጻእ ዝሸሽሕዎ ጭብጥታት'ዮም።

እዚ መሪር ሕሰም'ዚ ኣብ ዝባን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝፈጥሮ ዘሎ ስምብራትን ቃንዛን፡ ጥርዚ ተጻዋርነት ሰጊሩ ደም ይነዝዕ ምህላዉ ኣሸንባይ'ዶ ነቶም ግዳያቱ ንናይ ቀረባን ርሑቕን ተዓዛቢ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ'ዩ። ፋሽስታዊ ኲርማጅ ስርዓት ኢሳይያስ ዝቑሽምዶ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ፣ ካብ ከበሳ ክሳብ መታሕት፡ ኮታ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፣ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ኣውራጃ፣ ጾታን ዕድመን ከይፈለየ ንኹሉ በልማማ'ዩ ዝሸፈነ እዩ።

ብኣንጻሩ፡- ንባህጊ ህዝብታትናን መሰረታዊ ዕላማታት ሰውራናን ዘምከነ፣ ናይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ጸጋታት ዘብሪሰ፣ ብድሕረይ ዳንዴር ኣይትብቆላ ብዝብል እንስሳዊ መርሆ ናብ ጥፍኣት ዝጋልብ ዘሎ ስርዓት ንምግታእን ሓደግኡ ንምዕጻፍን፡ ኣብ ዝጥለበሉ ዘሎ ናይ ቃልሲ መድረኽ፡ ሓይሊ ተቓውሞና ሕኑን ህዝባዊ ተሳትፎ ቦኺርዎ፡ ብቐዝሒ ክሳቐ ጸኒሑን ምህላውን ዝመረረ እዋናዊ ሓቂ'ዩ። እዚ ዝፈጥሮ ሞራላዊ ተጽዕኖ ብዘይ-ቀልዓለም ከቢድ'ኳ እንተኾነ፡ ብኣንጻሩ ነዚ ጾር'ዚ ዘከሓሕስን ምቹእ ናይ ቃልሲ ኣጋጣሚ ንምፍጣር ዝሕግዝን ክውንነት፡ ብሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተኸሲቱ ምህላዉ

ውድብና ይኣምን'ዩ። ስለዝኾነ'ውን ናይ ሎሚ መበል 49 ዓመት ዝኽሪ በዓል ባሕቲ መስከረም፡ ካብ ሙሉእ ዓለም ዝተኣኻኸቡ 330 ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገሮምን ህዝቦምን ብሰፊሑ ዝዘተዩሉን ናብ ዝለዓለ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘሰጋግሮም፡ ታሪኻዊ ሓባራዊ ስምምዕ ዘበጽሑም ዕዉት ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ዝተጋብኣሉ ጽባሕ ይበዓል ምህላዉ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ።

ከም እምነት ውድብና ሰደግኤ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ካብ ዘዐወቶም መሰረታዊ ብልጫታቱ፡ ድሕሪ ዓመት፡ ሰፊሕን ነጻን ተሳትፎ ናይ ኩሎም ሕብረተ-ሰባዊ ክፍልታት ኤርትራ ዘውሕስ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምግባእ ምውሳኑን ነዚ ዘተሓባብርን ዝመርሕን ነጻ ሃገራዊ ኮምሽን ምምዛዙን'ዩ። እዚ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ዓውዲ ዝተራእየ ኣገዳሲ ምዕብልና'ዚ፡ እቲ ዝተተለመሉ ሓቀኛ ዕላማ ከዐውት እንተኾይኑ፡ ልዕልን ቅድምን ኩሉ፡ ንቑሕ፣ ሰፊሕን ግብራውን ተሳትፎ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ድማ ብፍላይ ከረጋግጽ ኣሎዎ። ዓወት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝተበታተነ ዓቕምታት ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብምጥርናፍ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ምቹእ ናይ ቃልሲ ኩነታት ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ኩሎም ኣብ ደሞክራስያዊ ለውጢ ረብሓ ኣሎና ዝብሉ ሓይልታት እጃሞም ክጻወቱ ብኣጋጣሚ'ዚ ክቡር ዕለት ንጽውዕ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ድሕሪ ዓመት ክጋባእ ከም ዓብይ ውራይ ተታሒዙ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብጽፉፍ ቅድመ ምድላው ተሰንዩ ክሰላሰል ንምግባር ካብኡ ዝጥለብ ኣበርክቶ ከም ዝፍጽም ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ቃል ይኣቱ።

ባሕቲ መስከረም ንዘልኣለም ትንበር!!
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!
ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት
ሰደግኤ
01 መስከረም 2010